<u>ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ብቐትሩ ጸልሚትዋ</u>

ኣብዚ ቅንያት እዚ ሓደ ዘሕዝን ዜና ብዛዕባ እታ ኣደ ብዙሓት ሊቃውንቲ ኤርትራ ዝኾነት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ወይ ሳንታ ፋምልያ ይስማዕ ኣሎ። መንግስቲ ህግደፍ ነዛ መሰረት ምዕባለ፡ ፍልጠት፡ ቴክኖሎጂን ምርምርን ዝኾነት እንኮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ካብ ዝኣቱ ጀሚሩ ብዓይኒ ጽልኢ ክጥምታ ምጽንሑ ሓይኽና ዝዋሓጥናዮ ዘረባ እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ደረጃ'ዚ ይበጽሕ ዝበለ ኣይነበረን።

ኣብቲ መጀመርታ ህግደፍ ብመገዲ እዚ ሕጂ ሃዲሙ ዝበሃል ዘሎ ኣቶ ዓንደብርሃን ወልደጌርጊስ ዝበሃል ሕልና ኣልቦ ኤርትራዊ ኣቢሉ ሕንፍሽፍሽ ከእትወላ ፈተነታት ኣካይዱ ነይሩ። ግን፡ ናይ ሽዑ መምሃራን ምስ ደሞም ስለዝነበሩ፡ “ካብ ኢድ ደርግ እኳ ዘትረፍናያ መሰረት ምዕባለና እያ” ኢሎም ምስነደሩ ኩነታት ኣርሲናቶ ኢዱ ሲሒቡ። እቲ ጸረ ህዝቢን ምዕባልኡን ዝኾነ ጉጅለ ግን ሽርሑ ኣየቋረጸን፡ ንዓንደብርሃን “ከተፍርሳ ኣይከኣልካን” ኢሉ ካብ መዝነቱ ኣውሪዱዎ።

ከም መቐጸልታ ግናይ ትልሙ ድማ ንሓደ ሕልንኡ ዝሸጠ መጋበርያኡ ዝኾነ ሰብ ካብ ኣውሮጳ ኣምጺኡ ንቦታ ዓንደብርሃን ተኪእዎ። እዚ ሰብ እዚ ዶ/ር ወልደኣብ ይስሃቅ ይበሃል። ደ/ር ወልድኣብ ናይ ኬሚስትሪ ምሁር ኮይኑ ኣብ ሃገር ሽወደን ዝሰርሐን እዩ። ኣብቲ መጀመርታ ዝመጸሉ ጊዜ ዝንኡ ኣብ ማሕበረኮም እቲ ዩኒቭርሲቲ ልዑል ምንባሩ ዘይከሓድ እዩ። ብዙሓት ድማ እዛ ዩኒቨርሲቲ ክትምዕብልን ደረጅኣ ኣብ ዓለም ክትሕሉን እያ ኢሉ ተስፋ ከንብረላ ጀመረ። ደ/ር ወልድኣብ ግን ኣብ ክንዲ ምስቶም ብክእለቶምን ትምህርቶምነ ተመክሮኦምን ካብኡ ዘይንእሱ ፕሮፌሰራት እቲ ትካል ዝላዘብ ከምዝመሰሎ ክሰርሕ ጀሚሩ። እቲ ፈላማይ ስጉምቱ ድማ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት ህዝቢ ከየጽንዐ ተማሃሮ ከፌሎም ወይ ተለቂሖም ክማሃሩ ከምዝኾኑ ባዕላዊ ኣዋጅ ምስ ኣወጀ፡ ተማሃራይ ብዓውታ ናይ ተቛዉሞ ድምጹ ኣስሚዑ፡ በዚ ድማ ዕላምኡ ከይወቕዐ ተሪፉ።

ብደረጃ ካሪኩለም ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ክርአ እነከሎ እውን ተማሃራይ ኣብ ክንዲ ኣብ ፍልጠት ምቕሳም ዘተኩር ሽምዲዱ ክሓልፍ ከምዝግደድ ዝነበረ ኩሉ ተማሃራይ ዘእወየሉ ጉዳይ እዩ ነይሩ። ዶ/ር ወልዳኣብ ርክቡ ኣብ ክንዲ ምስ ሚኒስትሪ

ትምህርቲ ዝገብር ወይ ድማ ንናጽነት እቲ ትካል ዝቃለስ፡ ብኣንጻሩ ምስ ኣቦ ወንበር ህግደፍ ብቐጥታ ክራኸብ ጀሚሩ። በዚ ኣቢሉ ድማ ኣቶ ኢሰያስ ኣብ ስራሕ እቲ ናይ ምርምር ትካል ኢዱ ከእቱ ጀሚሩ፡ ከምድልየቱ ክዝውሮ ድማ ፈቲኑ። ከምቲ ዝሓሰብዎ ቀልጢፎም ከዕንውዎ ስለዘይካኣሉ ግን ካልእ ሽርሒ ሚሂዞም። ንሱ ድማ ገለ ብቕዓት ዘይብሎም ብስም መምሃራን መሳሪሕኦም ንምግባሮም ክምድቡ ጀሚሮም። እዞም ብቕዓት ዘይብሎም ነቲ ዩኒቨርሲቲ ንምዕናው ዝተላእኩ ናይ ዕንወት ሰራሕተኛታት እዮም ነይሮም።

ድሕሪ ኩናት ድማ ርክብ ወልደኣብ ብቐጥታ ምስ በለዛ ማለት ምክልካል እዩ ዝመስል ዝነበረ። በዚ ድማ እዮም ተማህሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ "ኮሎኔል ወልድኣብ" ክብልዎ ጀሚሮም ዝነበሩ። ነዚ ኩነታት መዝሚዙ ድማ ደ/ር ውልድኣብ ንሰነት እቲ ዩኒቨርሲቲ ንዒቑ ዲክታቶር እቲ ትካል ክኸውን በቒዑስ ገባርን ሓዳግ ባዕሉ ኮይኑ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ትካል ምርምር ጋሕሚጡን፡ ብቕዓቱ ድማ ኣንቆልቍሉ። ነዚ ንምዕራይ ተባሂሉ ብዙሓት ምሁራት እቲ ትካል ተዛሪቦም ግን ሰማዒ ኣይረኸቡን።

ቀንዲ ምኽንያት ምፍራስ እቲ ዩኒቨርሲቲ፡ ንቑሓትን ፍልጠት ዝቐሰሙ ዜጋታት ንኸየፍሪ እሞ ንኣካይዳ እቲ መንግስቲ ኣብ ሓደጋ ከይውድቕዎ ዝብል ትሑት ኣተሓሳስባ እዩ። ብፍላይ ኣብ 2001 ናይ ለውጢ ንፋስ ኣብ ኤርትራ ክነፍስ ምስጀመረ ተማሃሮ ቀንዲ ተዋሳእቲ ምኻኖም ስለዘይተርፎም ብምትሕብባር ደ/ር ወልዳኣብን ክፍሊ ጸጥታ ህግደፍን ተሃዲኖም ናብ ናኹራ ተዳጉኖም። ኣብዚ እዋን እዚ ሓደ መዓልቲ ወልዳኣብ ንመምሃራን ዩኒቨርሲቲ ኣኼባ ኣብ ዝገበረሉ እዋን ሓደ ካብ መምሃራን "ንስኻ ወልድኣብ ኢኻ ነዚ ትካል ኣድፊርካዮ፡ ምስ ፖለቲካ ለኽበጥበጥ ኢልካ ነዚ ዩኒቨርሲቲ እዚ ክፈርስን ጠንቂ ጃምላዊ ምእሳር ተማሃሮውን ንስኻ ኢኻ፡ ኣነ ብኣካል ረኺበ ኣጠንቂቐካ ነይረ፡ ኣየሰማዕካንን ግን" ክብል ብነድሪ ገሊጹሉ። ብርግጽውን ደ/ር ወልዳኣብ ይስሓቕ ነዛ ክብርቲ ትካል ህዝቢ ኤርትራ ጸጉራ ነጽዩ፡ መንገብገባ ቆሪጹ ከምዘይ ትነፍር ጌርዋ እዩ። እዚ ጥራይ ከይኣክል ተማሃሮኣ ኣባሪሩ ስጋ ዘይብላ ዓጽሚ ጥራይ ሒዛ ክትተርፍ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ብሉጻት መምሃራን ገዲፎማ ኣብ ዓዲ ሃገር ክሰርሑ

ገዲድዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ስብርባር ሰድያታትን ዝጠቀረ ሰሌዳታትን ጥራይ ደዲፉላ፡ ዕላማ ኣቶ ኢሰያስ ኣተግቢሩ፡ ንነብሱ ብገንዘብ ህዝቢ ኣዘቕቢቡ ናብታ ዝነበራ ስደት ተመሊሱ።

ነዚኣ ኣስከሬን ጥራይ ተሪፋ ዝነበረት እምባኣርዩ ህግደፍ ሎሚ ቅነ ወግዓዊ ናይ ምፍራስ ስነ-ስርዓት ዘካይድ ዘሎ። ሚስክናይ ደ/ር ታደሰ፡ እታ ኣስከሬን ኣብዛ ኢዱ ሓውያቶ። እዚ ቀናእ ስርዓት እዚ መንእሰያትና ብፍልጠት ተኾስኲሶም ከይዓብዩ እሞ ንህዝቦም ከይገልግሉ ዝወጠኖ እከይ ውዲት እዩ። ነዛ ኣስከሬን ፈንጢሑም በቲኖማ ኣለው። እቲ ዝገርም ድማ ኮለጃት መስሪትና ክብሉ ምእንቲ ማዓስከራት የብዝሑ ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ማይነፍሒ ዝርከብ ብስም ኮለጅ ተመስሪቱ ዘሎ ትካል ሓላፊኡ ኣብ መዓስከር ሳዋ ኣዛዚ ዝነበረ ኮሎኔል እዝራ እዩ። ሎሚ ቅነ ከም ዝሰማዕናዮ እውን ናይ ሶሻል ሳይንስ ኮለጅ ድማ ኣብ ከተማ ናቕፋ ተመስሪቱ ከምዘሎን ብዘምህረት ከምዝማሓደርን ይግለጽ ኣሎ። ፕሮፌሰራት ተሳኢኖምሲ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ልክዕ ከምታ ኤርትራ ናብ ጀነራላትን ኮለኔላትን ካደራት ህግደፍን ዝተማቐልዋ፡ ተመቒላ ናብ ማዓስከራት ሰራዊት ጊዒዛ። እዚስ ንኹላትና ኣብታ ተፈታዊት ካምፓስ ዝተማሃርና ብዓቢኡ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ዘሕዝን ፍጻሜ እዩ። ዓለም ብምርምርን ብተክኖሎጂን ኣብ እትሕንበበሉ ዘላ ጊዜ ኤርትራ ሃገርና ትካላት ምርምራ ፈረሶም ንድሕሪት ኣትያ። ብቐትሩ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ጸልሚትዋ፡ ተስፋ ብዙሓት ናኣሽቱ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ድማ ምስኡ ሕምሽሽ ኢሉ ኣሎ። ኩላትና ብኣኣ ዝሓለፍና ድማ ስቕታ ዊሒጡና፡ ተቓውሞናስ ይትረፍ ኣየልቀስናላን።

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እዚ ምዕናው ትካላት ትምህርትን ምርምርን ንመጀመርታ እዩ። ኩሎም ባዕዳውያን ገዛእትና ነበር እውን ትምህርቲ ኣታኣታትዮም እምበር ኣየፍረሱን። ጣልያን ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ኣታኣታትዩ፡ እንግሊዝ ወሲኽሉ፡ ድሕሪኡ እውን እቲ ዝኸፍአ መግዛእቲ ኢትዮጵያ እኳ ነዛ ትካል እዚኣ ክትህነጽ ኣፍቂዱ። ሎሚስ መን እዮም ባዕዳውያን መን እዮም ኣሕዋትና ጠፊኡና። እቲ ዘገርም ግን ገለ ምሁራት ኤርትራውያን መሳርሒ ዕንወት ትካላት ትምህርቲ ክኾኑ ክትሪኢ ከሎኻ የስደምመካ። ዶክተራት ተባሂሎም ነዚ

ክፍጽሙ እቶም ዘምሃርዎም መምሃራኖም ኣይስምዑ እዩ ዘብል። እንሓሳብሲ እምበርዶ ተማሂሮም እዮም እቲ ናይ ዶክቶርነት ረኺቦሞ የብለካ። ዶ/ር ወልዳኣብ፡ ዶ/ር ወልዳይ ፍጡር፡ ዶ/ር ኣማረ፡ ዶ/ር ዳሕሊ፡ ወዘተ ኣብዚ ህዝብን ትካላቱን ናይ ምፍራስ ዘመተ ተዋፊሮም ክትሪኢ እንከሎኻስ ኣገሪሙ የርምመካ። ሰብ ግን ኣእምርኡ እንተ ተባላሸዩ ዶክተረይት እውን ክልውጦ ኣይክእልን። እዚኦምን እቶም ሰበኽቲ ድንቁርና ካድረታት ህግደፍን ግን ንምሁራትን ደለይቲ ምዕባልን ኣይውክሉን እዮም። ከምቲ ኣብ ሓደ ሕርሻ “ሓርኢ እኽሊ” ዘይሳኣን ከምኡ ተረኺቦሙና፡ ሕማኻቅ ረኺብና። እቶም ኣለው ንብሎም ድማ ፈሪሖም፡ ይዋእካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ይዋእኪ ሳንታ ፋሚልያ። ትሰምዕን ትዛረብን መሲልዎም ከየፍርሱኺ እምበር ምስተመለስኩ፡ ህይወት ክዘርኣልኪ ምኻነይ ቃል ይኣትወልኪ ክሳብ ሽዑ ግን ጽንዓት ይሃብኪ ኣምላኽ ይደብስኪ።

ተስፋጽዮን ያቕቢት